## ንድሕነት ህዝቡ ዘየቓድመ ፋሩይ የለ ደቂቕ
## ንነብሱ ከዕቢ ዝጸበ ህዝቢ ክሳብ ዝሓቅቕ

ሕድሪ ሰማእታት ኩቡር እዩ
በርሀ ዑቁባዝጊ ሃገር ጀርመን

ቅድሚ ሰልፉ ድሕነት ህዝቢ ዘይሰርዔ
ህዝቢ ኩዳናግር ንብዓት ሓርገጽ እንተነብዔ
ኣብ ከብዲ ጡሙይ ዝጎስዔ ብስልጣን ዝሰሰዔ
ኣስደሚምዎ ነቲ ኣነ እየ ፋሩይ ክትብል ዝሰምዔ።

ህዝቢ ኣድሒንካ እዩ ዝባሃል ኣነ እየ ፋሩይ
ዝደቐቐ ምእካብ የድልየና እዳበልካ ምፍልላይ
ሓንቢሱ ዘይክእል ዶ ይወጽእ ካብ ቃላይ
ብዘይ ብዕራይ  ኣይትበል ናዓሆ ጭላይ።

ኣውሎ ናይ ኣቦሓጎታትና ናይ ቶም ለባማት
ኣውሎ ዶ ይባሃል ታዓጺኻ ኣብ ጸልማት
ዓይንኻ ክፈቶ ውጻእ ካብ ደልሃመት
ኣብ ልዕሊ ባህልና ይትረፍካ ንዕቀት
ካብ መስርሕ ሓድነት ወጺኻ የሎን ዕብየት።

ኣመስግኖም ንጽሑፋትካ ኣሓየሽቲ
ናይ ዝሓንገዱ ጹሑፋት ሓብሓብቲ
እቶም ልሳን ህዝቢ ኢና ባሃልቲ
ናይ ዝደለይዎ ኳሓሒሎም  ዘመርቲ።
ሃናጺ ተመሲልካ ናይ ጥፍኣት ሃንዳሲ
ጠርናፊ መሲልካ ገስጋሲ ሱሩሕ ዳስ መፍረሲ
ሽምካ ሓቢእካ ትጽዋዕ ብዓወት ንደሞክራሲ
ናይ ጽሑፍ ኪኢላ ንየዋሃት ኣብ ጎልጎል መደቀሲ።

ክዉኑን ዘይክዉንን ወረ ኣይትንዝሑ
ዝበልኩም በሉ ህዝቢ ፈሊጥኩም ጎሪሑ
ኣቱም በታታኒ ጹሑፋት ትዝርግሑ
ሕጂ ዶ ዋዕላ ንለውጢ ኣቛሪጹ ስርሑ
ኣብ ክንዲ እወ ንዘተ ግርጪት ተባልሑ።

ካብ ንእስነትና ኣትሒዝና ምስ በልና ከርተት
ካብ ሜዳ ኣትሒዝና ምስ በልና ሓድነት
ዓድና ሓሪሙና ኣሪግና ኣብ ስደት
ጽባሕ   ብዙሕ ኣሎ ዘታሓታትት
ሕጂ ውን ንቃለስ ኣሎና ንሓርነት
ኣብ ሃገርና ክሳብ ዘብቅዕ ጥልመት ።

ኣኽራናት ኤረትራ ተዛረቡ ተዛረቡ
ኣዕጽምቲ ሰማእታት በልዎም ኣክቡ
ሰማእታት ኣሎዉና ንቡር ዘይረኽቡ
ሕድሮም ኣተግብሩ ካብ ብዙሕ ትዛረቡ።

ዓወት ነቲ ደም ዝነብዕ ዘሎ ህዝቢ ኤረትራ
ኤረና ንለብዘበን እንበር ነዓመታስ ሸዊት ለምለም
ክብርን ሞጎስን ንጀጋኑ ሰዋኣትና
ዕንወት ንጃንዳ ህግደፍን ዓንገልቶምን